# ነቢይ

ማዕበላት ይተሓቖን ምስ ንፋስ ቃኤሉ
ህቦብላ ይናወጽ ሓጎጽጎጽ ጉዕዞ ንኣመሉ
ውዲታት ይተታዕ ተርባጻት ትማሊ የቕዘዝዉ
ነብይ መዓስ ይእግሞ ኪነው ሎሚ ምምዕዳዉ

ይደጋገም ኣበሳ ኣብ ልዕሊ ኣበሳ
ወይ ከ ምዕይ ካብ ቲ ሓራ መስመር ህዱእ ምረሻ
ዋጭዋጭታ ወኻሩ ዘይቅልሶ ሓየት ኣንበሳ
ኮርዒዳ እንዲኻ ጭጉራፉ ዘስኑ ሃብሮም ጓሳ

ዘይከምቶም ገሊኦም ብዋጋ ህዝቦም ዝቋመሩ
ብብልሽውና ዝጠስጠሱ ማሕፉዳ ጅቦኦም ዘህጥሩ
ኮርሻ ስልጣኖም ወርቂ ለቢጦም ዘጌጹ
ነቢይ ግና ጽኑዕ ኣብ መርገጹ
ንስኻስ ሃልወልና ደኣ ገባቶ ይቕበጹ

መን ኣሎ እሞ ዘይ ንስኻ ሕዉስ ምስ ህዝቡ
ንሪኢ ዶ የለናን ነጋውስ ብየማነ ጺጋም ክዕጀቡ
እንትርፎ ኮረሾኦም ዝፋኖም ዘሙቑ ሰብ ክራባታ
ሓጽብታት ዲጋታት ዝምውዓሉ ዘይነብይ የለን ኮታ

ኣብ መብረድ ሳሕል ዝተሳሕለ
ቃሉን ግብሩን ሓድሕድ ዝሳነ
ዘይጸዓድ ዘይስነፍ ብግዚያዊ ወጥሪ ዘይጀጁ
ወትሩ ንቑሕ ሓኾት ዝብል ሃገር ከገምጁ

እንጉይ እንተበሉ ኣዛብእ ቀትሪ
ጫምጫምታ ህጹፋት ዘንውሑ ባሕጃሪ ጽፍሪ
ብሓያል ዓቕልኻ ነብይ ቀስሞም ሰባሪ
ሃልወልና ዕድመን ጥዕናን ይሃብካ ፈጣሪ

ገና ኣብ ሽፋሕታ በታ ናይ ትማሊ ሽዳ
ወትሩ ኣብ ጽምደት ሃብሮማይ ኮርዒዳ
እዛ ዓዲ ሓጥር ክንደይ የፍሪ እቲ ከብዳ
ሃልወልና ደኣ ነብይ ኣርሓ በዓል መንጉዳ

ዕጽፊ ሰጉም ኣንታ ዕጉስ
ጎብለል ዞባና ኣንበሳ ኣናብስ
ቅድስቲ መሬት ዋሕሳ ኢኻ ፋርስ
ጥዋፍ ቤተልሄም ቀንደል ሃገር ድሙቕ ፋኑስ

ንበር ክበር ነብይ ኣድሃ ሓጥር
ጅልሕላሕ ዝሓልሙ ክብሉ ሕርር ኩምትር
ብርክኻ ትጽናዕ ዓይኒ ኣባይካ ይደፈን
ብሳላ ተሓሊፉ ግብታ ተካል ጸዋግ ዘመን

ኣሸናፊ ኣብርሃም (ኣሼ)
2017 ጀርመን
ዓወት ንሓፋሽ